**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ** الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ መግለጺ 1ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡
# ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡

24 ሚያዝያ 2010.

ኣብ ጽባሕ ዕዉትን ታሪኻውን 5ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ምሸት 23 ሚያዝያ 2010 ዝተጀመረ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡ ምሸት 24 ሚያዝያ 2010 ብዓወት ተጠቓሊሉ።

ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡ ውድባዊ ሕገ ህንጻና ዝሃቦ ሓላፍነትን ጉባኤ ዘመሓላለፎም ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ሓፈሻዊ መደባትን መሰረት ብምግባር፡ ናይ ሸውዓተ ወርሓት ኩሉ-መዳያዊ መደባት ሓንጺጹ። ማ/ሽማግለ ውድብና፡ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዓቕምታት ሰውራና ንምጥርናፍ ዓብይ ቱኽረት ክወሃቦ ከምዝግባእ ብምእማን፡ ምስ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ውድባት ስጡም ምቅርራብ ፈጢሩ ክሰርሕ ዘለዎ ድልዉነት ኣረጋጊጹ። ማ/ሽማግለ ሰደግኤ፡ ብሓላፍነት ኤዲኪ ክሰላሰል ከም ዓብይ ሃገራዊ መደብ ተታሓሒዙ ዘሎ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምዕዋት፡ ውድብና ካብኡ ዝጥለብ ኣስተዋጽኦ ክገብር ዘኽእሉዎ ዝርዝር መደባት ብምቕማጥ፡ ንተግባራውነቱ ብዝምልከት ሓላፍነት ንፖሎቲካዊ ቤት ኣሸከመ። ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ቅድመ ምድላዋትን እናተራእዩ ዝመጹ ሕጽረታትን ልዙብን ዲሞክራስያውን ኣተኣላልያ ክግበረሎምን፡ ተታሒዙ ዘሎ ረዚን ሃገራዊ ጉዳይ ብዘተኣማምን ንምዕዋት ኩሎም ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኾኑ ሓይልታት ብሓላፍነት ክዋስኡ ጸውዐ።

ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለ፡-  ውድብና ሰደግኤ ናብ ንቡር ውድባዊ ቦትኡ ተመሊሱ ከሰላስሎም ዝጸንሐ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕማማትን 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ዘድሊ ኣበርክቶ ኣብ ምምላእ ዘርኣዩዎ ተወፋይነት ናእድኡ ደጊሙ ገለጸ። ንመጻኢ'ውን 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ዘመሓላለፎም ፖሎቲካዊ ውሳኔታት፡ ተሓንጺጾም ዘለዉ ሓደሽቲ ናይ ቃልሲ ኣንፈታት፡ ኣብ ህዝብታትና ተቐባልነት ክረኽቡን፡ ውድብና ኣብ ባዕሉ ተኣማሚኑ ናይ ቃልሲ እጃሙ ክፍጽም ከካይዶም ዝጸንሐ ጻዕርታት ኣብ ምጥንኻር፡ ተወፋይነቶም ከዕዝዙ ጸውዐ። ካብ መሓዙት ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ውድባትን ፈተውትና ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ኤርትራውያንን ዝተገበረልና ፖሎቲካዊ፣ ገንዘባውን ሞራላውን ምትብባዕ፡ ምስጋንኡ ገለጸ።

ማ/ሽማግለ ኣብ ቀዳማይ ኣኼብኡ፡ ንዜናን ባህልን ዕዮና ብደቂቕ ድሕሪ ምርኣይ፡ ጭቡጥ ኩነታት ውድብናን ንመጻኢ ክዓሞም ሒዙዎም ዘሎ መደባትን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ መርሆ ዕላዊ መጽሄት ውድብና ክትከውንን በብወርሒ እናተሓተመት ክትዝርጋሕን ወሰነ። ብተወሳኺ ውድባዊ መርበብ ሓበሬታ፡ <u>መርሆ ዶት ኔት</u>([www.merho.net](http://www.merho.net)) ምስ ዓቕሚ ውድብና ተጠናኺራ ክትቅጽልን፡ ውድባዊ ሰነዳት፣ መጽሄትን እውናውያን መግለጺታት ክስቀለላ፡ ብተወሳኺ ናይ መሓዙት ውድባት መግለጺታት፣ ኣብ ምጥንኻር ሓድነት ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞናን፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ዘለዎም ጽሑፋት ውልቀ ባእታታት፡ ክተታኣናግድ ወሰነ።

ኣብ መደምደምታ፡ ማ/ሽማግለ ካብ ውሽጡ ኣቦ-መንበር፣ ም/ኣቦ-መንበርን ኣባላት ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈትን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዘመ።

ፖሎቲካዊ ውሳኔታት 5ይ ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!
ምጥርናፍ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዓቕምታትና፡
ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ዓወትና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ማእከላይ ሽማግለ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡